ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

30 ሕዳር 2017 ዓ/ም
9 december 2024
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2017-525

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ቤተክርስትያንና Algemene Nut Beoogende Instelling (ANBI) ከም ዝኾነት ዝገልጽ ሕጽር ዝበለ ሓበሬታ፡

ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

ብመጀመርታ መንፈሳዊ ሰላምትና ነቐድመልኩም። ኣብ ህወትኩም ጥዕናን ኩሉ ኣሳልጦ ዝመልአን ክኸውን'ውን ንምነ። ብምቕጻል ከኣ እዚ ዝስዕብ ሕጽር ዝበለ ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ቤተክርስትያንና ክነመሓላልፈልኩም ንፈቱ፥

ቤተክርስትያንና ከም መንፈሳዊት ትካል (ስቲኽቲንግ) መጠን፡ እቲ ኣገልግሎት ንህዝቢ ክትህብ እንከላ፡ ኣብ ምምዕባላ ዘድልዩ ነገራት እንዳ ተፈተሸን እንዳ ተጸንዐን፣ ብህዝባን ብቶም ህዝቢ ንኸገልግሉ ዝመረጾም ሰበኻ ጉባኤን፡ ንጠቕሚ ዝውዕል ከም ዝኸውን ምግባር ግቡእ ኢዩ። ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ሰበኻ ጉባኤ ካብ 2017 ዓምፈ ጀሚሩ፡ ወጢኑዎ ካብ ዝነበረ ሓደ ኣገዳሲ ጉዳይ፡ ቤተክርስትያንና ANBI status ከም እትኸውን ምግባር ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ንህዝቢን ሰበኻ ጉባኤን እዛ ቤተክርስትያን እዚኣ ኣጋጢሙዋ ዝጸንሐ ውሽጣውን ግዳማዊን ብድሆታት፡ ንህንጸትን ምዕባለን ከይንጽዕርን ከይንስጉምን ብዙሕ ዓንቂጹና ከም ዝጸንሐ ንኩሉ ኣባል ብሩህ ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ጊዝያት እምበኣር፡ ሰበኻ ጉባኤ ዘለዎ ጻዕቂ ሥራሕ ተመልኪተን፡ ግዱሳት ኣሓትናን ደቅናን ብዝገበረኦ ምትሕብባብር፡ ትካልና/ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም፡ ANBI status ረኺባ ኣላ። እዚ ማለት ከኣ በBelastingdienst ዝተዋህባ መለለዩ ኩይኑ፣ እዚ መለለዩ'ዚ፡ ነተን ንሓበራዊ ጥቕሚ ዘገልግላን ዝጽዕራን ትካላት ዝወሃብ ኢዩ። ትካልና/ቤተክርስትያንና ኣብ ትሕቲ Stichting The Eritrean Orthodox Tewahdo Medhanie Alem Church Amstelveen-amstellandን RSIN (ብዋናነት ዝፍለጥ መለለዩ) ዘለዋ ኩይና ተመዝጊባ ትርከብ።

እቲ ኣባላት'ዛ ቤተክርስትያንናን፡ ካልኦት ብሕጊ ቤተክርስትያን (ቃለ ኣዋዲ) ተቐባልነት ብዘለዎ ኣገባብ ዘወፍዩዎ ወፈያን/ውህብቶ/፡ ምስ 'በላስቲንግዴንስት' ዝተተሓሓዘ ጠቕሚ ኣለዎ። ንሱ ከኣ፡ ብሓፈሻኡ ነቲ ንቤተክርስትያን ዘበረክትኩሞ ውህብቶ፡ belastingaangifte ክትገብሩ እንከለኹም፡ ክንደይ ምዃኑ ትሕብሩ'ሞ፡ ካብ'ቲ ዘወፈኹሞ ገለ ክፋል ክምለሰልኩም ይኽእል ኢዩ። ነዚ ብዝምልከት ብኸመይ ከም እተቕርቡዎን፡ እቲ ጥቕሙን፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ብዝተጸንዐን ዝርዝር ዘለዎን ሓበሬታ ከነቕርበልኩም ኢና። ንቤተክርስትያንናኸ እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ፧ ዝብል ሕቶ መረዳእታ ንጊዜኡ እዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ነጥብታት ከነቕርበልኩም ንፈቱ፥

- ቤተክርስትያንና ድሩት ዝኾነ ተሓታትነት ከም ዝህልዋ ይሕግዝ፣
- እቲ ዘወፊ ይኹን፡ እቲ ተቐባሊ ናይ ወህብቶ፡ ቀረጽ ኣይከፍልሉን ኢዮም፣
- እቲ ወፈያ/ውህብቶ/፡ ንቤተክርስትያን ዘወፊ ሰብ/ኣካል፡ ካብ 'በላስቲንግዲንስት' ገለ ክፋል ናይ ዝኸፈሎ ክምለሰሉ ይኽእል፣
- ትካልና/ቤተክርስትያንና ዝኸፈለቶ ናይ ጸዓት ክፍሊት (energikosten) ዝተኸፍለ እንተሎ ከኣ፡ ገለ ክፋል ክምለሰላ ይኽእል፣

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅብልናን።



ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland